## መዓስ'ዩ ናይ ቢሲጂ ክታበት ክዋሃብ ዘይግቦO?

ቢሲጂ ክትወስድ ዘይግባኣካ እዞም ዝሰዕቡ ምስዝህልወካ'ዩ፡


- ቅድሚ ሕጂ ቲቢ ሓሚምካ እንተኔርካ
- ኣብ ዝሓለፈ 3 ኣዋርሕ ፖዘቲቭ ናይ ማንቶውክስ መርመራ እንተጸኒሑካ
- ዝረአ ናይ ቢሲጂ በሰላ ዝገደፈ ናይ ቅድሚ ሕጂ ቢሲጂ እንተኔሩካን ወይ'ውን
- ዝሓለፈ ናይ ቢሲጂ ኽታበት ዘርኢ መዝገብ ወረቐት እንተሃሊዩካን
- ኣብ ዝሓለፈ 4 ሳምንታት ኻልእ ኽታበት ወሲድካ ኔርካ እንተኾንካን
- ከም ሕማም መንሽሮ ዘአመሰለ ኽቱር ሕማም
- ዝቖሰለ ናይ ቖርበት ኩነታት
- ሓያል ረስኒ

ወይ'ውን እዞም ዝሰዕቡ እንተኾንካን(ኪን):

- ናይ እስተሮይድ (steroid) መድሃኒት ትወስድ ኣለኻን
- ጥንስቲ
- ኤች.ኣይ.ቪ. (HIV) ፖዘቲቭ።

ኤች.ኣይ.ቪ./ኤይድስ (HIV/AIDS) ከምዘለካን ከምዘይብልካን ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መርመራ ክዳለወልካ ይኽእል'ዩ።

## ናይ ቢሲጂ ኽታበት ብኸመይ'ዩ ዝዋሃብ?



ቢሲጂ ከም ዝውጋእ መርፍእ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ኢድካ'ዩ ዝዋሃብ፤ ኣብ ውሽጢ ቁሩብ ሰዓታት ዝጠፍእ ንእሽቶ ልዕል ዝበለ ሕበጥ'ዩ ዝገድፍ።

## ቆጺሉ Eንታይ ይከውን?

ኣብ ውሽጢ 2 ኽሳብ 6 ሳምንታት ኣብቲ ኽታበት ዝተገብረሉ ቦታ ሕበጥ ይዓቢ'ሞ እቲ ከባቢ ንቑሩብ መዓልታት ዘቖንዝው ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ሕበጥ ናብ ንእሽቶ ጻዕዳ ምልክት ወይ'ውን ቁስሊ ክዓቢ ይግቦኦ'ዩ እዚ'ውን መግሊ ኣፍሲሱ ካቡኡ መሸፈኒ ይገብረሉ ማለት'ዩ። እቲ ቁስሊ ሙሉእ ንሙሉእ ክድህን ኽሳብ 6 ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል ብድሕሪኡ ካቡኡ ንእሽቶ ጸፊሕ በሰላ ይገድፍ ማለት'ዩ።

ነቲ ምልክት ወይ'ውን መሸፈኒ ክትጸቕጦ ወይ ክትሓኮ ኣይግባእን ስለዝኾነ ድማ ናብ ግዳም ኣየር ክፉት፣ ከይተሸፈነ ከሙኡ'ውን ብዘይ ፕላስተር ክግደፍ ኣለዎ።
እቲ ናይ ኽታበት ዝተገብረሉ ቦታ መግሊ ዘውጽእ እንተኾይኑ ልክዕ ኣብ ጊዜ ምሕጻብ ሰብነት ብናይ ማይ ዘየእቱ መጠምጠሚ ክሽፈን ይካኣል'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ምልክት ክሬማት ወይ'ውን ጨና ኣይትጠቀሙ።

ናይ ቢሲጂ ኽታበት ምስተዋሃበ ኣብ ሓደ ኢድ ን3 ኣዋርሕ ካልእ ተወሳኺ ክታበታት ክዋሃብ የብሉን።



NHS Bristol South Gloucestershire

# Understanding Tuberculosis (TB)
# መረዳEታ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ)

**Information for people coming to live in the UK**
**ናብ ዩኬ (UK) መጺOም ንዝነብሩ ሰባት ዝኸውን ሓበሬታ**

ብዛዕባ ቲቢ ንክትፈልጡ እንድሕር አተሓሳሲቡኩም ኮይኑ ናብ ኤን.ኤች.ኤስ. ብቀጥታ (NHS Direct) ብስልኪ ቁጽሪ 0845 4647 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም - ንሳቶም ናይ ዝተተርጎመ ምኽሪ ክህቡኹም እኽዕሉ ኢዮም።

ነዚ ሓበሬታ'ዚ ብኻልእ ቋንቋ እንድሕር ደሊኹሞ ወይ'ውን ብኻልእ አገባብ ከም'ኒ ብብሬል፣ ብናይ ቴብ ካሴት፣ ብናይ ገዚፍ ወረቐት ዝተሓትመ፣ ወይ'ውን ኣብ ዲስክ ብኽብረትኩም ናብ ዘ ሃቨን (The Haven) ብስልኪ ቁጽሪ 0117 9703887 ወይ'ውን ኢ-መይል: the.haven@nhs.net ጌርኩም ርኸቡዎም።
ብዝተፋላለዩ ቋንቋታት እውን ኣብ መርበብ ሓበሬታ: www.avon.nhs.uk/haven ይርከብ'ዩ።
እዚ በራሪ ወረቐት'ዚ ብናይ ኣገልግሎት መርመራ ጥዕና ዘሃቨን (The Haven Health Assessment Service) ምስ ጉጅለ መከላኸሊ ጥዕና ኣቮን (Avon Health Protection Unit) ብምትሕብባር ኢዩ ተዳልዩ።
መወዳእታ ዝተኣረመሉ ዕለት መጋቢት 2008

Tigrinian / ትግርኛ

## ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) እንታይ'ዩ?
ቲቢ ብቐንዱ ንሳምቡእካ ዘጥቅዕ ሓደገኛ ተመሓላላፊ ሕማም እንተኾነ'ውን ንኻልእ ኣካላት ሰብነት'ውን የጥቅዕ'ዩ። ቲቢ ኣብ ሙሉእ ዓለም ንብዙሓት ሰባት የጥቅዕ'ዩ።

## ናይ ቲቢ ምልክታት እንታይ እንታይ'ዮም?


እተን ኣዝየን ዝፍለጣ ምልክታት ቲቢ ከምዚ ዝስዕባ ኢየን፡
- ንልዕሊ ሰለስተ ሳምንታት ዝጸንሕ ምስዓል
- ረስኒ
- ኣብ ለይቲ ረሃጽ ምርሃጽ
- ደም ዝተሓወሶ ሰዓል
- ናይ ሸውሃት ምጥፋእ
- ምጉዳል ክብደት
- ሓይሊ ምስኣን ወይ ድኻም።

## ቲቢ ብከመይ ይሕዘካ?
ናይ ሳምቡእ ቲቢ ዘለዎ ሓደ ሰብ ክስዕል፣ ጡፍ ክብል ወይ እንጥሸው ክብል እንከሎ እቲ ናይ ቲቢ ጀርምታት ነቲ ኣየር ይብክሎ'ዩ። ነዚ ብጀርምታት ዝተበከለ ኣየር ካሎኦት ሰባት ምስ እስትንፋሶም ንውሽጢ ምስዘእቱዎ ቲቢ ክህዞም ይኽእል ማለት'ዩ።

ለበዳ ቲቢ ብኽልተ ዝተፈላለየዩ መንገድታት ኣብ ውሽጢ ሰብነትካ ክዓቢ ይኽእል'ዩ። እቲ ሓደ መንገዲ ንጡፍ ቲቢ ክበሃል እንከሎ እቲ ካላኣይ መንገዲ'ኻኣ ዘገምታዊ ቲቢ ተባሂሉ ይጽዋእ። ኣብቲ ንጡፍ ቲቢ እተን ምልክታት ይምዕብላ'ሞ ካቡኡ ሰባት ኣዝዮም ክሓሙ ይኽእሉ ማለት'ዩ።

ዘገምታዊ ቲቢ ማለት እተን ጀርምታት ኣብ ውስጢ ሰብነትካ "ደቂሶም" ይጸንሑ ማለት'ዩ። ዘገምታዊ ቲቢ ብዘይ ምልክታት ንኣዝዩ ነዊሕ ጊዜ ዋላ'ውን ዓመታት ክጸንሕ እኽእል'ዩ። ንስኻ ሕማም ኣይስማዓካን'ዩ ከሙኡ'ውን ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን። ኮይኑግን እንተዘይተራኢኻ ዘገምታዊ ቲቢ ሓደሓደ ጊዜ ንጡፍ ቲቢ ኽኸውን ስለዝኽእል ካቡኡ ኣዚኻ ክትሓምም ትኸውን ኢኻ።

## ኣብ ፍሉይ ሓደጋ ምትሓዝ ቲቢ ዝኾነ ሰብ ኣሎ ዲዩ?
ማንም ሰብ ቲቢ ክሕዞ ይክእል'ዩ ኮይኑግን ዝያዳ ናይ ምትሓዝ እድል ዝህልወካ ንጡፍ ቲቢ ምስዝሓዞ ሰብ ናይ ቐረባ ርክብ ክትገብር ምስትጸንሕ'ዩ። ከሙኡ'ውን ዝያዳ ናይ ምትሓዝ እድል ዝህልዎም ሰባት ሕማም ናይ ምጽዋር ክእለቶም ንዝተዳኸመ'ዩ።

## ቲቢ ክፍወስ ይኽእል ዲዩ?
ኣብ መብዛሕቲኡ ኣጋጣምታት ሕማም ቲቢ ክፍወስ ዝኽእል ሕማም'ዩ፤ ብፍላይ እቲ ዝድለ ሕክምና ብእዋኑ እንተተጀሚሩን ምሱኡ'ውን ሙሉእ ትእዛዝ መድሃኒት ቲቢ እንተተወዲኡ ኮይኑን ማለት'ዩ። እዚ መብዛሕቲኡ ጊዜ ካብ 6 ኽሳብ 9 ወርሒ ይወስድ'ዩ።



እቲ መድሃኒት ከምቲ ዝተኣዘዞ ብትኽኽል ክውሰድን ከሙኡ'ውን እቲ ሙሉእ ትእዛዝ ክውዳእ ኣለዎ። ዋላ እንዳሓሸካ ይመጽእ ከምዘሎ እንተተሰሚዑካ እውን ነቲ መድሃኒት ጠጠው ኣብሎ ኽሳብ ዘይተባሃልካ ክትወስዶ ኣገዳሲ ኢዩ።

እቲ መድሃኒት ጌጋ ብዝኾነ መንገዲ እንተተወሲዱ ወይ'ውን ኣዝዩ ቐዲሙ ጠጠው ከምዝብል እንተተጌሩ ቲቢ ነቲ መድሃኒት ክላመዶ ስለዝኽእል ብድሕሪኡ እቲ ሕማም ክትፍውሶ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ወይ'ውን ዘይከዓል ክኸውን እኽእል'ዩ።

ምትሕልላፍ ቲቢ ንምክልኻል እቲ ዝበለጸ መንገዲ ነቲ ሕማም መፈወሲ ዝኸውን ዝተማለአ መድሃኒት ብእዋኑ ብምውሳድ ኢዩ።

## ቲቢ ብኽታበት ምክልኻል ክግበረሉ እኽእል ዲዩ?
ኩሉጊዜ ኣይኮነን። ናይ ቢሲጂ (BCG) ኽታበት ቑሩብ ምክልኻል ክህብ እኽእል ኢዩ እንተኾነ ግን ኩሉጊዜ 100% ኣይኮነን ከሙኡ'ውን ምስ ዕብየት እንዳጎደለ ክኸይድ ይኽእል'ዩ። ዝከዓል እንተዝኸውን ናይ ቢሲጂ ኽታበት ኣብ ጊዜ ሕርሲ'ዩ ክወሃብ ዝግብኦ። ሓደሓደ ጊዜ'ውን ናይ ቢሲጂ ኽታበት ንዝዓበዩ ሕጻናትን ዝበጽሑ መንእሰያትን ይወሃብ'ዩ።

## ቲቢ ከምዘለኒ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?
ዝበዝሕ ጊዜ ናይ ኣፍ ልቢ ኤክስረይ (X-ray) ናይ ሳምቡእ ንጡፍ ቲቢ የርእ'ዩ።

ማንቶውክስ (Mantoux) መርመራ ተባሂሉ ዝጽዋእ ሓደ ቀሊል ናይ ቆርበት መርመራ ዘገምታዊ ቲቢ ወይ'ውን ኣብ ካልእ ኣካላት ናይ ሰውነትካ ቲቢ ከምዘለካን ከምዘይብልካን ንምፍላጥ ይሕግዝ'ዩ። ንእሽቶይ ናይ መርመራ ፈሳሲ ኣብ ትሕቲ ቆርበት ናይ ኢድ ከምዛኣቱ ይግበር። ድሕሪ ካብ ከባቢ 48 ኽሳብ 72 ሰዓታት ሓንቲ ነርስ ነቲ ከባቢ ክትርእዮ ይግባእ።

እቲ ናይ ቆርበት መርመራ ፖዘቲቭ እንተኾይኑ ሕበጥ ክገብር'ዩ ምናልባት'ውን ማይ ክቛጽር'ዩ። እዚ ማለት'ኻኣ ቅድምሕጂ ነቶም ናይ ቲቢ ጀርምታት ተረኪብካዮም ኣለኻ ማለት'ዩ። ዘገምታዊ ወይ'ውን ንጡፍ ቲቢ ክህልወካ ስለዝኽእል ዝያዳ መርመራታት ከድልየካን ነዚ ዝወሃበካ መድሃኒት ክህሉን ይኽእል እኸውን'ዩ።

እቲ ናይ ቆርበት መርመራ ነጌቲቭ እንተኾይኑ ኣብቲ ፈሳሲ ዝኣተወሉ ሰፍራ ዋላሓደ ወይ ንእሽቶ ግብረ መልሲ ይህሉው። ካቡኡ ብመሰረት ፖሊሲ ሃገራዊ ቢቺጂ ኽታበት (National BCG Vaccination Policy) ናይ ቢሲጂ ኽታበት ዘድልየካ እንተኾይኑ እቲኣ ነርስ ትነግረካ ኢያ።

## ናይ ቢሲጂ ኽታበት መን'ዩ ክህልዎ ዘለዎ?
ትሕቲ 16 ዓመት ዝኾኑ ሰባት ኮይኖም
- ቲቢ ልሙድ ካብ ዝኾነሉ ሃገር ዝመጹን።

እድሜኦም ካብ 16 ኽሳብ 35 ዓመት ዝኾኑ ሰባት ቢሲጂ ምናልባት ከድልዮም ዝኽእል፡
- ቲቢ ልሙድ ካብ ዝኮነሉ ሃገር ዝመጹ ምስዝኾኑ ኢዩ።

ንስኻ ወይ'ውን ውላድካ ዝሓለፈ ናይ ቢሲጂ ኽታበት እንተጸኒሑዎም ኻልእ ኽታበት ኣየድልየካን'ዩ።